ኩሎም ዓበይቲ ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ክውግኡ ዕድል ይወሃቦም

ጋዜጣዊ መልእኽቲ | ዕለት: 12.11.2021

| ቁጽሪ: 146/21

ብምሉኦም ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ሰባት ሓንቲ ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ክውሰኹ ዕድል ክወሃቦም መንግስቲ ይምድብ ኣሎ።

ንልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም ሰባት ንኡሳን ዞባታት ድሮ ክታበታት ዳግመ-ሕደሳ ምሃብ ጀሚረኖኦ ኣለዋ። ንዓመታ ብምሉኦም ኣብ ክሊ ዕድመ 18 ክሳብ 64 ዓመት ዝርከቡ ሰባት ካልኣይቲ መርፍእ ክታበት ካብ ዝውግኡ ብውሑዱ 6 ኣዋርሕ ምስ ኣሕለፉ ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ክወሃቦም መንግስቲ መደብ ይሕንጽጽ ኣሎ።

–ክታበት ካብ ኮሮና ዝከለኻለልና ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እዚ ለብዒ ንብዙሕ ዓመታት ምሳና እዩ ክህሉ፡ እቲ ቫይረስ ንኽየስፋሕፍሕ ንኽንዓግቶ ብዙሕ ብሓባር ክንገብሮ ንኽእል ነገራት ኣሎ፡ እንተኾነ ግና ክታበት ዝህበና ብዩንነት እውን የድልየና እዩ። መንግስቲ ንገምጋማት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብምስማዕ ንብምሉኡ ህዝብና ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ናይ ምውሳድ ዕድል ክቕርበሉ ይምድብ ኣሎ ይብል ቀዳማይ ሚኒስተር ዩናስ ጋኣር ስተኣረ።

ሕጂ ለብዒ ኣብ ብዙሓት ቦታታት ሃገርና ይውስኽ ብምህላዉ ንሕክምናታት ልዑል ተጽዕኖ ኮይኑወን ኣሎ። ለብዒ ኣብ ሕብረተሰብና ክዛይድ ከሎ ከቢድ ሕማም ዝሕዞም ሰባት ክበዝሑ ዘሎ ተኽእሎ የዛይዶ እዩ። ክታበታት 100 ካብ 100 ኣይኮነን ዝከላኽለልና፡ ኣብ ኣረጋውያን ዘለዎ ኣድማዕነት ከኣ ቅሩብ ትሕት ይብል እዩ።

–ንዓበይቲ ዝወሃቦም ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ካብ ሕማም ዝያዳ ክከላኽለሎምን ዝልከፉ ሰባት ክውሕዱን ግደ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ብዛዕባ እዚ ተወሳኺ ኣፍልጦ ምድላብ የድልየና ኣሎ። ስለዚ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንዓበይቲ ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ምሃብ ጥቕሙን ኣስጋእነቱን ብቐጻሊ ክግምግሙዎ ሓቲትናዮም ኣለና ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሸርኮል።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ዘካይዱዎ ቀጻሊ ገምጋማት ኩነታት ለብዒ፡ ጾር ሕማምን ሓድሽ ኣፍልጦን ኣብ ግምት እንዳኣእተዉ እዮም ክግምግሙዎ። ኣብ ክሊ ዕድመ 18 ክሳብ 64 ዓመት ዝርከቡ ሰባት ክታበት ዳግመ-ሕደሳ መዓስ ክወሃቦም ይኽእል ንዝብልን እቶም ምሕጽንታታት ክስተኻኽሉ የድልዮም ዶ ንዝብልን ትካል ህዝባዊ ጥዕና ምኽርታቶም ክልግሱልና እዮም።

ዓቕሚ ምክልኻል ሰውነቶም ዝተዳኸሞም ሰባት ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ክውግኡን ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰራሕተኛታት ጥዕና ክታበታት ዳግመ-ሕደሳ ክውግኡን ዕድል ክወሃቦም ኣቐዲሙ ተወሲኑ እዩ።

ብዙሓት ኣብ ክሊ ዕድመ 18 ክሳብ 64 ዓመት ዝርከቡ ሰባት ካልኣይ መርፍእ ክታበት ካብ ዝውግኡ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣየሕለፉን ዘለዉ። ንኡሳን ዞባታት እዚ ጉጅለ እዚ ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ክኽተብ ቅድሚ ምጅማሩ ቀዳማይን ካልኣይን መራፍእ ክታበት ምውጋእ፡ ንዝተዳኸመ ምክልኻል ዓቕሚ ሰውነት ዘለዎም ሰባት ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ምውጋእ፡ ንልዕሊ 65 ዓመት ዝዕሚኦም ሰባትን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ክታበት ዳግመ ሕደሳ ምውጋእ እየን ቀዳምነት ክህቦኦ ዘለወን። ኣብ ርእሲኡ ከኣ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ይወሃብ።